## ከመይ?

**ከመይ ጌረ ነቲ ምትብባዕ / ሓገዛት ክቕበል ይኽእል?**

ነቲ ዘሎ ዕድላት ናይ ትምህርታዊን፡ ተሳትፎኣዊን ጥቕላል / ባኮ ንምጥቃም / ንምቕባል ፡ ሓደ ቕጥዒ ዘየማልኤ ሓበሬታ / መልእኽቲ ምልኣኽ እኹል እዩ። ነዚ'ዉን ደስ እንዳበለና ብመልክዕ ኢመይል ክንቕበለኩም ንኽእል ኢና።

ካብ ዕለት 01.08.2019 ጀሚሩ ሓደ ፍሉይ ዝኾነ ጽሑፋዊ ጠለብ / ማመልከቻ ምቕራብ ዘድልዮ፡ ነቲ ንትምህርቲ ምትብባዕ ዝብሃል ጥራሕ እዩ ግድን ዝኸዉን፡፡ ኩሉ እቲ ካልእ ኣገልግሎታት / ሓገዛት ግን፡ ነቲ ትምህርታዊን፡ ተሳትፎኣዊን (Bildung und Teilhabe) ዝምልከት ጭብጢታት ምስ ኣቕረብኩምልና ኢና ክንህበኩም እንኽእል። ነዚ ዘድሊ ፎርሙላታት ክኣ ኣብቲ ናትና ሆምፐይጅ / ገጻት ኢንተርነትና ኣሎ።

ኣብ ፍሉይ ኩነት፡ ተቐባሊን / ተቐባሊትን ናይ ን ቮህንገልድ ማለት ን መንበሪ-ገዛን፡ ን ኪንደርሱሽላግ ማለት ናይ ቆልዑ ተወሳኺ-ኣበልን ተባሂሉ ዝዉሃብ ሓገዝ፡ ናይ ግድን ንኹሉ ኣገልግሎታት / ሓገዛት ብፍሉይ ጽሑፋዊ ጠለቦም / ማመልከቻኦም ከቕርቡ ኣለዎም።

### እቲ ፎርሙላራት / ኦርኒክ ማለት ቅጥዒ፡ ኣብ ትሕቲ እዚ ዝስዕብ ትረኽብዎ፡-

**www.bildungspaket.neue-wege.org**



### መራኸቢ-መንገዲን፡ ትምህርቲን ከምኡ'ዉን ተሳትፎን (KONTAKT BILDUNG UND TEILHABE)

**Neue Wege Kreis Bergstraße**
-Kommunales Jobcenter-
Bildung und Teilhabe / **ተሳትፎኣዊን**
Walther-Rathenau-Str. 2
64646 Heppenheim
**ተሌፎን**: 06252 / 15 - 6051
**ተሌፋክስ**: 06252 / 15 - 6053
**ኢመይል**: bildungspaket@neue-wege.org

### ናይ ስራሕ ስዓታትን፡ ትምህርቲን ከምኡ'ዉን ተሳትፎን (SPRECHZEITEN BILDUNG UND TEILHABE)

| | | |
|---|---|---|
| Montag / ሰኑይ ካብ ስዓት | 09:00 – 12:00 | 13:00 – 15:00 |
| Dienstag / ሰሉስ ካብ ስዓት | 09:00 – 12:00 | 13:00 – 15:00 |
| Donnerstag / ሓሙስ ካብ ስዓት | 09:00 – 12:00 | 13:00 – 15:00 |
| Freitag / ዓርቢ ካብ ስዓት | 09:00 – 12:00 | |

**ኣብቲ ገጻት ኢንተርነት ናትና'ዉን፡ ሓበሬታታት ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ቀሪብናልኩም ኣለና።**

ኣዳላዊ:
**Neue Wege Kreis Bergstraße -Kommunales Jobcenter-**
Walther-Rathenau-Straße 2
64646 Heppenheim

*መስከረም* / September 2019

HESSEN
Hessisches Ministerium
für Soziales und Integration

KREIS BERGSTRASSE



# እታ ትምህርታዊት ጥቕላል / ባኮ

**ኣብ ከባቢ ምምሕዳር በርግሽትራሰ / (IM KREIS BERGSTRASSE)**

ካብ ዕለት 01. ንሓሰ /ኣዉጉስት 2019
ጀሚሩ ዝተመሓየሸ ኣገልግሎታት
(Verbesserte Leistungen
ab 01. August 2019)

**neue wege**
in den Arbeitsmarkt

# እንታይ?

**እንታይ ክዉሃበኒ እዩ?**
**ኣየኖት ኣገልግሎታት / ሓገዛት ተቐሪቡ ኣሎ?**



ዕለታዊ ጉዕዞታትን ከምኡ'ዉን ናይ ቤት ትምህርቲ ጉዕዞታትን፡ እቲ ዋጋታት ናይ ቤት ትምህርቲ ጉዕዞታትን፡ ከምኡዉን፡ ናይ ጉዕዞታትን፡ በቲ ልክዕ ብዝሒ ይኽፈለልኩም። ናይ ጁባ ገንዘብ ግን ክኽፈለልኩም/ክትክኣልኩም ኣይክኣልን እዩ።



## ንምምሃር ምትብባዕ / ምድጋፍ

እቲ ዋጋታት ናይቲ ካብ መደበኛ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ዝኾነ፡ ንትምህርቲ ተባሂሉ ዝወጽእ ወጻኢታት ክኣ ክኽፈለልኩም ይክኣል እዩ። ይኹንድኣምበር፡ ነዚ ብዝምልከት ግን ሓደ ዝተፈልየ ጽሑፋዊ ጠለብ / ማመልከቻ ብኣኹም ክቐርብ ኣለዎ።



## ንትምህርቲ ዘድልዩ ነገራት

ኣብ ሓደ ዓመተ ትምህርቲ ክሳብ 150 €/ኦይሮ ክፍቀድ ይክኣል እዩ። 100 €/ኦይሮ ኣብቲ ምጅማር ዓመተ ትምህርቲ፡ ከምኡ'ዉን 50 €/ኦይሮ ኣብ ምጅማር ናይታ ካልኣይቲ ፍርቂ ዓመት ክኽፈለልኩም ይክኣል እዩ።



## ናይ ቀትሪ ምግብና / ምሳሕ

እቲ ዋጋታት ንናይ ሓባር ምሳሕ ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ወይክኣ፡ ኣብ ኪንደርጋርተን / መዋእለ-ሕጻናት ክኽፈለልኩም እዩ።



## ንተመሃሮ መመላለሲ/ትራንስፖርት

እቲ ንተመሃሮ መመላለሲ / ንትራንስፖርት ተባሂሉ ዝወጽእ ወጻኢ፡ እንተድኣ እታ ኣብ ቀረባ ዘላ ቤት ትምህርቲ ኣብ ከባቢ በርግሽትራሰ / Kreis Bergstraße ኮይና፡ ምስቲ ንዕኡ ዝምልከት ከይዲ-ትምህርቲ ትምሃሩላ ኳንኩም፡ ክኽፈለልኩም እዩ።
እቲ መንገዲ ቤት ትምህርቲ ካብ 3 ኪ.ሜ/km ንላዕሊ ክኸዉን ኣለዎ። ክሳብ መወዳእታ ናይ 9ይን ናይ 10ይን ክፍሊ ዘሎ እዋን፡ ነታ ክፍሊ- ( ÖPNV = Öffentlicher Personennahverkehr ) ናይ ቀረባ ህዝባዊ መጓዓዓዚያ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ / Kreis እትርከብ እዩ ዝምልከታ።



## ተሳታፍነት ኣብ ስፖርትን ከምኡዉን ባህልን

ነፍሲ-ወከፍ ቆልዓ፡ ወይክኣ መንእሰይ ትሕቲ 18 ዓመት፡ 15,00 € ኣብ ወርሒ ተዳልዩሉ ኣሎ። በዚ ጌርካ ንኣብነት፡ ናይ ኣባልነት ኣብ ሓደ ጋንታ ወይ ማሕበር ዝኽፈል ክፍሊታት፡ ነቲ ኣብ ነጻ ስዓታት ዝግበር ተሳታፍነት ወይክኣ፡ ኣብ ናይ ሙዚቃ ትምህርቲ፡ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ሙዚቃ ዝኽፈል ክኽፈለሉ ይክኣል እዩ።

# መን?

**መን'ዩ ነቲ ዝግበር ምትብባዕ / ደገፍ ክቕበል ዝኽእል?**

ካብ ስድራ-ቤታት ናይቶም፡-

- ስራሕ ኣልቦ ኮይኖም ናይ „ኣርባይትሎዘንገልድ II ከምኡዉን፡ ዞትሲያልገልድ / ማሕበራዊ ገንዘብ ብመሰረት „SGB II“ ዞትሲያል ገዘትስት ቡኽ/ ማሕበራዊ ሕጊ መጽሓፍ II ፡
- ናይ ዞትሲያል ሂልፈ/ናይ ማሕበራዊ ሓገዝ ብመሰረት „SGB XII“ ዞትሲያል ገዘትስት ቡኽ/ ማሕበራዊ ሕጊ መጽሓፍ XII ፡
- ናይ መንበሪ ገዛ ተባሂሉ ዝዉሃብ ገንዘብ
- ናይ ቆልዑ ተወሳኺ ኣበል
- ኣገልግሎታት / ሓገዛት፡ ብመሰረት ሕጊ ናይ ሓተትቲ ዑቕባ ተባሂሉ ዝዉሃብ ኣገልግሎታት / ሓገዛት ካብ ዝቕበሉ፡ ዝመጹ ቆልዑት መሰል ኣለዎም።

እዚ ትምህርታዊ ጥቕላል / ባኮ፡ ቖልዑን ክሳብ 25 ዓመት ዕድመ ዝርከቡ ዝምሃራን ዝምሃሩ ተመሃሮን ክጥቀሙሉ ይክኣል። ኣብ ማሕበራዊን ከምኡዉን ባህላዉን ሂወት ንምስታፍ ክኣ ኣገልግሎታት / ሓገዛት ክሳብ ምዉዳእ ናይ መበል 18. ዓመተ-ሂወት ይኽፈል።

መንእሰያት ከምኡዉን ንኣሽቱ ልዕሊ ዕድመ፡ እቶም ካብ ሞያዊ ትምህርቲ ናይ ስልጠና ኣበል / ገንዘብ ዝቕበሉ፡ እዚ ኣይግብኦምን እዩ።

